# ሓባራዊ ናይ ደገፍ መግለጺ፤
# ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤን) ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤን)።

ብዕለት 5 መስከረም 2013፡ ኣብ ሞንጎ ላዕለዎት መራሕቲ ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራን ዝተኻየደ ሓባራዊ ዘተ፡ ክልቲኦም ውድባት፡ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም ክሰርሑን ምስ ካልኦት ፖሎቲካዊ ሓይልታት ድማ ክዛተዩን ሓቢሮም ክቃለሱን ድሉዋት ምህላዎም ዘረጋግጽ ጋዜጣዊ መግለጺ ዘርጊሖም። ብተወሳኺ ብዕለት 07 መስከረም 2013፡ ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ፣ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራን ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጥን ተራኺቦም ብሓባር ተዛትዮም ዝበጽሑዎ ሓባራዊ ስምምዕ ተመልኪትና። ብቐዳምነት፡ ነዚ ተበግሶን ሓባራዊ ስምምዕን ዘሎና ደገፍ ነረጋግጽ።

እዚ በብደረጃኡ እናተኻየደ ዝቐነየ ናይ ሰለስቲኦም መሓዙት ውድባት ርክባትን ዝበጽሑዎ ስምምዕን ምስ'ቲ ውድባትና ዲምሓኩኤን ሰደግኤን እናኾብኮቡዎ ዝመጹን ክበጽሑዎ እናተቓለሱሉ ዝጸንሑ ዕላማን ዝመሳሰል ኮይኑ ረኺብናዮ ኣሎና። ስለዝኾነ'ውን ምስ'ዞም፡ እዉጅ ተበግሶ ገይሮም ምህላዎም ዘረጋገጹ ሰለስተ መሓዙት ውድባትን ካልኦት ድሉዋት ክኾኑ ዝኽእሉ ፖሎቲካዊ ውድባትን፡ ኣብ ክሊ'ቲ መራሕቲ ፖሎቲካዊ ውድባት ኤርትራ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ካብ 23 ክሳብ 25 ነሓሰ 2013 ዘካየድናዮ ኣኼባን ዝበጻሕናዮ ሓባራዊ ገምጋምን መበገሲ ብምግባር፡ ከም ኣብ ህዝባውን ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታት ዘመሳስሉና ሓባራዊ እምነታት ኣሎዉና እናበልና ዝመጻና፡ ግን ድማ፡ ኣብ ባይታ ዝተጨበጠ ናይ ሓባር ስራሓት ዘየካየድና ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሕሉፍ ጉዕዞና ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝመስረትናዮም ግንባራት (<u>**ደግሓኤ፣ ህደሓኤ፣ ዲግብኤን ኤግደለን**</u>)፡ መንቀሊ ውድቀታቶም ብግቡእ ገምጊምና፡ **ኣብ ሓባራዊ ፖለቲካዊ መትከላትን ዕላማታትን** ዝተመስረተ፡ ንድሕሪት ዘይምለስ፡ ዝበረኸ ናይ ቃልሲ ዝምድና ንምምስራት ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ካባና ዝጥለብ ኣበርክቶ ክንገብር ድልውነትና ነረጋግጽ።

ምቛም ናይ'ዚ ኣብ ህዝባውን ስውራውን ዕላማታት ዝተመስረተ ዝበረኸ ዝምድና ፖሎቲካዊ ሓይልታትና፡ ከም ቀዳማይ ህጹጽ ዕማሙ ክቕበሎ ዘለዎ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ብህጹጽ ናይ ምድሓን ሓላፍነት ብብቕዓት ምፍጻም ብምዃኑ፡ ካብ ዝሓለፈ ናይ ፖሎቲካዊ ውድባት ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ናይ ቅልውላውን ፍሽለትን ተሞኩሮ ግቡእ ትምህርቲ ዝወሰደ ሓድሽ ዝምድና ምህናጽ፡ ግቡእ ቆላሕታ ክወሃቦ ዝግባእ ምዃኑ ዘሎና ሓባራዊ እምነት ንገልጽ።

*ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ)ን*
*ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)ን።*
09 መስከረም 2013